29/12/09

# ኣባላት ህ.ግ.ደ.ፍ ከተማ ለንደን ንባይቶ ጸጥታ ዘሕለፎ ውሳኔ ኮኒኖም

ብዕለት 28/12/2009 ኣብ ከተማ ለንደን ብኣባላት ህ.ግ.ደ.ፍ ዝተኻየደ ኣኼባ ብዓወት ተዛዚሙ፣

ኣብቲ ኣኼባ ኣምባሳደር ሃገረ ኤርትራ ኣቶ ተስፋሚካኤል ገራህቱን ሓላፊት ህዝባዊ ጉዳያት ወይዘሮ ሓረገ ተስፋማርያምን ተረኺቦም ንህሉው ኩነታትን። ዞባውን ኣህጉራውን ኩነታት ከምኡ'ውን ኣብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ብድፍኢት ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ንዘሕለፎ ውሳኔ ዘተኮረ ሰፊሕ መግለጺ ሂቡ፣

እቶም ኣባላት ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ እዚ ዘይፍትሓዊ ውሳኔ'ዚ መቐጸልታ እምበር ሓድስ ከምዘይኮነ ብምምልካት ''ትእምርቲ ርእሰ-ምርኮሳን ናጻ ፖለቲካዊ መስመርን'' ኮይና ዘደንቕ ገስጋስ ምዕባለ ተመዝግብ ንዘላ ኤርትራ ንምንብርካኽ ዝተሃንደሰ ውዲት ብምኻኑ። ክንብድሆን ከነፍሽሎን ኢና። ክብሉ ብርእሰ ተኣማንነትን ኣካል ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ብምኻን ብምርግጋጽ ድማ ኩሉ ሃገራዊ ድሕነት ንምውሓስ ካብኦም ዝጥለብ ከምዝፍጽሙ ኣረጋጊጾም፣

እቶም ኣባላት ህ.ግ.ደ.ፍ ተቀማጦ ለንደን ኣብ ዘውጽእዎ ናይ ኩነኔ መግለጺ። እቲ ውሳኔ ሕጋውነትን ጭብጥን ዘይብሉ መቐጸልታ ናይቲ ኣብ ዝሓለፈ ፍርቂ ዘመን ኣንጻር ናጽነትን ልኡላውነትን ኤርትራ ክግበር ዝጸንሐ ተጻብኦታትን ሽርሕታትን ምኻኑ ብምምልካት ቀጺሎም ኣብ 2009 ዝተኻየደ መደባትን ዝሓለፉ ውሳኔታትን ካልኦት ዓበይቲ ስራሓትን ብምትእስሳር ዝተበጽሑ ዕዉታት መደባት ብምምስጋን ዘይተተግበሩ ድማ ኣብ ቀጻሊ ብዓቢኡ ኣብ 2010 ክትግበር ወጢኖም፣ ከምኡ'ውን ሓድነት ንምድልዳል። ቁጠባ ሃገር ንምሕያልን ሃገራዊ ዓቕሚ ንምስሳን ተሳትፎን ኣበርክቶን ንምዕዛዝ ወጢኖም፣ ገለ ካብ ዝሓለፉ ውሳኔታት ኣብዚ መዓልቲ ኣብ ቀረባ እዋን ሰፊሕ ሰላማዊ ሰልፊ ምክያድን ንኣባላት ፓርላማ ኣብ ዝተፈላለዩ ዞባታት ኣብ ከተማ ለንደን ምርካብ ክኸውን'ዩ፣

ኣብ መደምደምታ ንመንግስትን ሃገርን ሊብያ ንዝወሰድዎ መርገጺ ደገፎም ብምግላጽ ከም ቀደሞም ብዝሓየለ ናህሪ ከም ዝቅጽሉን በብመድረኹ ንዝርኣዩ ብድሆታትን ተጻብኦታትን ንምምካት ከም ወትሩ ኣብ ጎኒ መንግስቶም ደው ከምዝብሉ ኣረጋጊጾም፣

ዓወት ንሓፋሽ!!

ዜናን ሓበሬታን